Washington State Department of Social & Health Services
ESA Economic Services Administration

# ደብዳበ ሹመት ንመምርሒ ደገፍ ህጻናት (DCS) ወሳንነት ጽቡቕ ዕላማ

## Appointment Letter for Division of Child Support (DCS) Good Cause Determination

ዕለት፦ ቁጽሪ ዓሚል፦

ናብ፦

ዝኸበርካ/ርኺ :

ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ወሃብ ኣገልግሎት ማሕበረሰብ ዝኾነ ቤት ጽሕፈት፡ ንደገፍ ከምኡውን/ወይ ንሕክምና ህጻናት ዝኸውን ገንዘብ ኣብ ምእካብ ንመምርሒ ደገፍ ህጻናት (DCS) ክትሕግዞ ኸም ዘይትኽእልን ነዚ ዝኸውን ጽቡቕ ምኽንያት ድማ ከም ዘለካ ገሊጽካሉ ኔርካ። TANF ክትቅበል ከለኻ፡ መምርሒ ደገፍ ህጻናት (DCS) ንደገፍ ዘድሊ ነገራት ኣብ ምእካብ ዝሕግዝን ተግባራዊ ኸም ዝኾነ ዘረጋግጽን ኣገልግሎት ምሉእ ብምሉእ ይህብ እዩ። እዚ ኣገልግሎታት እዚ፡ መምርሒ ደገፍ ህጻናት (DCS) ዘለዎ ናይ ትውልዲ ምቖም፡ ናይ ደገፍ ትእዛዝ ምእታው ከምኡውን/ወይ ተግባራዊ ኸም ዝኸውን ምግባር፡ እቲ ኻልእ ወላዲ ዘለዎ ናይ ጥዕና መድሕን ናይ ምቕራብን ነቲ ንሱ/ንሳ ዘለዎ ንውሉዳት ዝኸውን መድሕን ዘይሸፍኖ ናይ ሕክምና ወጻኢታት ኣብ ምሽፋን ናይ ምሕጋዝ ግዴታ ተግባራዊ ኸም ዝኸውን ናይ ምግባር ኣገልግሎት የጠቓልል። ንዝኾነ ይኹን ህጻን ናይ ምድጋፍ ተግባራት ደው ንምባል ብዛዕባ ዘቕረብካዮ ሕቶን ነዚ ብዝምልከት ብዛዕባ ዘለካ ጽቡቕ ምኽንያት ንምዝርራብ ነዚ ዝስዕብ ቆጸራታት ገይረ ኣለኹ።

ንዝኾነ ይኹን ህጻን ናይ ምድጋፍ ተግባራት ደው ንምባል ብዛዕባ ዘቕረብካዮ ሕቶን ነዚ ብዝምልከት ብዛዕባ ዘለካ ጽቡቕ ምኽንያት ንምዝርራብ ነዚ ዝስዕብ ቆጸራታት ገይረ ኣለኹ።

______________________ ______________________ ______________________

ኣዳራሻ ዕለት ሰዓት

ክትመጽእ እንተ ዘይክኢልካ፡ በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ተሌፎን ተጠቒምካ ኣፍልጠኒ፦ ________________ብ ________________. **እንተ ዘይደዊልካ ወይ ናብ ቆጸራ እንተ ዘይመጺእካ፡ ነቲ ብጽቡቕ ምኽንያት ተለዓዒልካ ዘቕረብካዮ ሕቶ ኽነጽጎ እኽእል እየ።**

ነቲ ብጽቡቕ ምኽንያት ተለዓዒልካ ዘቕረብካዮ ሕቶ፡ እዚ ዝስዕብ ነጥብታት እንተ ተረጋጊጹ ክፍቀደልካ እዩ፦

- ንስኻ ወይ እቲ እትከናኸኖ ህጻን(ናት)፡ ከቢድ ኣካላዊ ወይ ስምዒታዊ ጉድኣት ከየጋጥመኩም ትፈርህ እንተ ዄንካ።
- ውሉድካ ብምኽንያት ጾታዊ ምድፋር ወይ ርኹስ ወሲብ (ሓው ምስ ሓፍቲ፡ ኣቦ ምስ ጓሉ) እተወልደ እንተ ኾይኑ።
- ምስ ውሉድ ምርዓም እተተሓሓዘ መስርሕ እንተ ጀሚርካ፣ ወይ ድማ (ክሳዕ ሰለስተ ወርሒ ዝጸንሕ) ምስ ትካል ምርዓም ውሉዳት ዝራኸብ ንምርዓም ዝምልከት ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ትወስድ እንተ ኣሊኻ።

ኣብቲ ዝገበርናዮ ቖጸራ፡ ነቲ ዘለካ ሻቕሎትን ፍርህን ዝገልጽ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረን ክታምካ ዘለዎን ሰነድ ከተዳሉ ትኽእል ኢኻ። ንሕቶኻ ዝድግፍ ካልእ ሓበሬታ እንተ ኣልዩካ፡ ንዕኡ እውን ሒዝካ ኽትመጽእ ትኽእል ኢኻ። ገለ ኣብነታት እንሆ፦

- ጸብጻብ(ባት) ፖሊስ፣
- ጸብጻብ(ባት) ሕክምና፣
- ጸብጻብ(ባት) ቤት ፍርዲ፣
- ዕቑባ ኻብ ዘቤታዊ ዓመጽ ዝእዝዝ ትእዛዝ፣
- ብዛዕባ እቲ ዘሎ ሓደጋ ዝገልጽ ካብ ቀሺ (ወይ ካህን)፡ ካብ ፈተውቲ፡ ካብ ኣዝማድ፡ ካብ ጐረባብቲ፡ ካብ መሳርሕቲ ዝመጸ ብጽሑፍ ዝሰፈረ መግለጺ፣
- ካብ መዕቈብ ዘቤታዊ ዓመጽ እተላእከ ደብዳበ፣ ወይ
- ካብ ኣማኻሪ(ኸርቲ) ዘቤታዊ ዓመጽ እተላእከ ደብዳበ።

**ኣብቲ ቖጸራ እንታይ እዩ ዝግበር፧**

- ውሉድ ምቕባልን ሕክምናዊ ደገፍ ምእካብን ንዓኻ ወይ ንውሉድካ(ውሉዳትካ) ብኸመይ ክጕድኣኩም ከም ዝኽእል ክትገልጽ ትኽእል ኢኻ።
- ድሕንነትካ ምእንቲ ተሓልዩ ክቕጽል፡ ብኸመይ ካልእ ሓገዝ እውን ክንገብረልካ ከም እንኽእል ክንዘራረብ ንኽእል ኢና።

**ውሉድ ምቕባልን ሕክምናዊ ደገፍ ምእካብን ንዓኻ ወይ ንውሉድካ(ንውሉዳትካ) ስለምንታይ ክጕድኣኩም ከም ዝኽእል ዝገልጽ ክታምካ ዘለዎ መግለጺ እንተ ዘየቕረብካ እንታይ እዩ ዘጋጥም፧**

- እቲ ዘቕረብካዮ ምኽንያት(ታት) ምስቲ ከም ጽቡቕ ምኽንያት ጌርካ ዝቑጸር ብቕዓታት ዘይቃዶ እንተ ኾይኑ፡ እቲ ዘቕረካዮ ሕቶ ኽንጸግ ይኽእል እዩ፣ ከምኡውን
- ጉዳይካ ናብ መምርሒ ደገፍ ህጻናት (DCS) ተላኢኹ፡ ምስ ደገፍ ህጻናት ዝተሓሓዝ ጉዳይ ከም ዝኽፈትን ምስኡ ዝኸይድ ንደገፍ ተግባራዊ ዝገብር ኣገልግሎት እውን ክጅመር እዩ።
- ኣብ ከባቢኻ ኣብ ዝርከብ CSO ወይ ድማ ኣብ ማሕበረሰብካ ተጣባቒ ዘቤታዊ ዓመጽ ክህሉ ስለ ዝኽእል፡ ምሳኻ ኣብዚ ኣኼባ እዚ ኽእከብ ይኽእል እዩ። ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ፡ ምስቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ CSO ተራኸብ።

**ምስ ውሳነና እንተ ዘይተሰማሚዕካኸ፧**

1. ናብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ማሕበረሰብካ ክትድውል ወይ ድማ ናብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳራዊ ሰማዒ ጉዳይ ክትጽሕፍ ትኽእል ኢኻ፦ ቁ.ሳ.ጶ. 42489, Olympia WA 98504-2489፣ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልቲ ጉዳይካ ኽርኣየልካ ኽትሓትት ትኽእል ኢኻ። ጉዳይካ ኽርኣየልካ እንተ ሓቲትካ፡ እቲ ጉዳይካ ተሰሚዑ ኣብ ናይ መወዳእታ ውሳነ ኽሳዕ ዝበጽሕ፡ መምርሒ ደገፍ ህጻናት (DCS) ንጉዳይካ ኣይክርእዮን እዩ። ጉዳይካ ኣብ ዝርኣየሉ እዋን ጠበቓ ወይ ካልእ ሰብ ንዓኻ ወኪሉ ክቐርብ ይኽእል እዩ፣ እንተ ደሊኻ ድማ ባዕልኻ ኽትቀርብ ትኽእል ኢኻ።
2. ንTANF ሕቶኻ ኽትስሕብ ትኽእል ኢኻ። ይኹን እምበር፡ TANF ኣብ እተቐበልካሉ እዋን፡ መምርሒ ደገፍ ህጻናት (DCS) ንጉዳይካ ኽርእዮ ይኽእል እዩ።
3. ሓገዝ ምቕባልካ ኽትቅጽል ኢኻ፣ ደገፍ ተግባራዊ ኣብ ናይ ምግባር ንጥፈታት ክትሳተፍ ግና ኣይትግደድን ኢኻ። ይኹን እምበር፡ ደገፍ ተግባራዊ ኣብ ናይ ምግባር ንጥፈታት ዘይትሳተፍ እንተ ዄንካ፡ መምርሒ ደገፍ ህጻናት (DCS) ንጉዳይካ ምርኣዩ ክቕጽል እዩ፣ ኰይኑ ግና፡ እቲ ብጽቡቕ ምኽንያት ተለዓዒልካ ዘቕረብካዮ ሕቶ እንተ ተነጺጉ፡ እቲ ብጥረ ገንዘብ ዝግበረልካ ሓገዝ ብ25% ክንኪ እዩ።
   ጉዳይካ ኣብ ዝርኣየሉ እዋን ጠበቓ ወይ ካልእ ሰብ ንዓኻ ወኪሉ ክቐርብ ይኽእል እዩ፣ እንተ ደሊኻ ድማ ባዕልኻ ኽትቀርብ ትኽእል ኢኻ።

**ምኽሪ ሕጊ ወይ ጥብቅና ክትረክብ ትኽእል ዲኻ፧**

ስተይትዋይድ ሌጋል ሰርቪስስ ኢልካ ናብ 1-888-201-1014 ክትድውል ትኽእል ኢኻ።